ካብ ጥምረት ማሕበራት ዳያስፖራ ትግራይ ኣሜሪካ ዝተውሃበ መግለፂ

ህዝቢ ትግራይ ንፍትሒ፣ ንሓርነት፣ ንመሰሉ ምኽባር፣ መንነቱን ሰብኣዊ ክብሩን ንምውሓስ በቢወለዱኡ ማእለያ ዘይብሉ መስዋእትነት ከፊሉ ንዘመናት ህልውንኡ እናረጋገፀ መፂኡ እዩ። እዙይ ድማ መስዋእትነት ባህሉ ስለዝኾነ ዘይኮነስ ከም ህዝቢ ባህሉ፥ መንነቱን ክብሩን ሓልዩ ንኽነብር ግድን ኮይኑዎ ዝኸፈሎ መሪር መስዋእትነት እዩ። እዚ ናይ ሎሚ መስዋእትነት ካብ ኩሉ ዝፈልዮ ግን ፀላእቲ፣ ህዝቢ ትግራይ ንምፅናት ብቕሉዕ ኣዊጆም ብመጠኑ፣ ብስፍሓቱን ጥልቀቱን እቲ ዝኸበደን ኩሉ ዓይነት ኢ-ሰብኣዊ ተግባራት ኣብ ቅድሚ ዓለም ዝፈፀሙሉ ናይ ህልውና ፈተና ምኳኑ እዩ።

ኣብ ከምዚ ዝበለ ኸቢድ ጭንቅን ፀበባን ግዜ “ኣነ እንዳሃለኹ ኣደይን ሓፍተይን ኣይድፈራን! ኣቦይ ርእሱ ኣየድንንን! ሓወይ ብግፍዒ ኣይቕተልን! ከም ዘርኢ ኣይንጸንትን!” ኢሎም ክቡር መስዋእትነት ከፊሎም ህዝቢ ትግራይ ከም ህዝቢ ኸህሉ ንዝገበሩ ጀጋኑና ዘለና ኽብሪ ወሰን የብሉን። እዞም ሂወቶም ሰዊኦም ሂወት ካልእ ትግራዋይ ዘውሓሱ ጀጋኑ ትግራይ ቅያታቶም፥ ታሪኾምን ዛንቶኦምን ዘላኣለም እንዳኸበረን እንዳደመቐን ክነብር፣ ባህንም፣ ድሌቶምን ዘይመልኡዎም ዕማማቶምን ጋህዲ ንምግባር ጥምረት ማሕበራት ዳያስፖራ ኣሜሪካ / ATAD America ምስ ኩሎም ማሕበራት፥ ኮሚዩኒቲታትን ምስ መላእ ህዝብን ኮይኑ ዝካኣሎ ኹሉ ኸበርክት ምዃኑ ይገልጽ።

እዞም ጀጋኑ ሰማእታት ትግራይ ንምዝካር፣ ብትግራይ ደረጃ ካብ ጥቅምቲ 1 ክሳብ ጥቅምቲ 3 /2016 ዓ/ም ግእዝ ዝጸንሕ ናይ 3 ማዓልቲታት ናይ ሓዘን ማዓልቲ ምእዋጁን ህዝብና ዝተሰዉኡ ወገናቱ ዝርደኣሉ እዋን ምዃኑን ዝፍለጥ እዩ። ኣብ ኣሜሪካ ንነብር ደቂ ትግራይን ፈተውቲ ትግራይን እውን ነቲ ዘለና ናይ ናብራ ኹነታት ኣብ ግምት ብምእታው ኣብ October 14ን October 15 / 2023 ክነኽብሮ ንፅውዕ። ከም ህዝብና በብስቴቱ ዘለኽን ኮምዩኒቲታትና ሓላፊነት ወሲድክን ንኩለን ማሕበራትና እውን ኣተሓባቢርክን ብፍፁም ናይ ሓድነት መንፈስ እዙ ናይ ብሄራዊ ሓዘንና ንክብሪ ሰማእታትና ብዝምጥንን ኩላትና እውን ሓዘንና ብነውፀኣሉን መንገዲ ኮይኑ ንኽሳለጥ ATAD America ብልዑል ኣኽብሮት ይፅውዕ። በዚ ኣጋጣሚ፣ ኣብ ዝሓለፉ ናይ መኽተ ዓመታት ኮምዩኒቲታትና ንዝተፃወትክኦ መተካእታ ዘይብሉ ልዑል ግደ ክብሪን ኣፍልጦን ይግበኣክን።

ኣብዘን 2 ማዓልትታት እዚኣን ጀጋኑ ሰማእታት ትግራይ እንትነኽብር ቅድሚ ኹሉ ህዝቢ ትግራይ ብፍላይ ድማ ስድራ ስውኣት ትግራይ ሓዘኖም ብምልኣት ዝገልፁሉ፥ ነንርእስና እንፃናናዓሉ፥ ካፍቲ ዝበፅሓና ከቢድ ስነ-ኣእምሯዊ ማህሰይቲ እንሕከመሉ ግዜ ኸኸውን ኩሎም ናይ ሃይማኖት ኣቦታትን መራሕትን፥ ዝምልከተኩም ሰብ-ሙያታትን ኩሉኹም ዓበይቲ ዓዲን ኣብዚ ኽቡር ባዓል እዚ ሩኡይ ተራ ኽትፃወቱ ንፅውዕ።

ዝኸበርኩም መናእሰይ ደቅናን ኣሕዋትናን ከምኡ’ውን ደቂ ኣንስትዮ ኣሓትና፥ ፅንተት ትግራይ ደው ንኽብልን ፍትሒ ንኽረጋገጽን ዘርኣኹምዎ ዘይርሳዕ መስተንክራዊ ተጋድሎ ሕዚ’ውን ከም ቀደምኩም ህዝብኹም ንምፅንዕናዕን ሕድሪ ናይቶም ንድሕነት ትግራይን ህዝባን ዝተሰዉኡ ወገናትና ንምስኳም ብሓድነት መንፈስ ኣብዚ በቢኮሚኒቲኡ ዝግበር ናይ ሓዘንና ባዓል ሩኡይ ተራ ኽትፃወቱ ንፅውዕ።

ናይ ሰማእታትና መስዋእቲ ሓዘን ኣብ እንገብረሉ ዘለና እዋን ካብ መስዋእቲ ተሪፎም ኣካሎም ዝሃቡ ጀጋኑና እውን ኣብ ፅገም እናሃለው፣ ካብ መረበቶም ዝተፈናቐለ ህዝብና እውን ኣብ ልዕሊ ሓዘኑ ኣብ ከቢድ ናብራ ወዲቑ ኣብ ዘለሉ እዋን፥ ብካልእ ወገን ድማ ዓለም ኣብ ትግራይ ንዝበፅሐ ጀኖሳይድ ንክምርምርን ገበነኛታት ናብ ፍርዲ ከቕርብን ዘይደለየሉን ምስ ገበናኛታት ኣብ ዝወገነሉን ኮይንና ኢና ብሄራዊ ሓዘን ነካይድ ዘለና። ስለዝኾነ ኣካሎም ዝሃቡ ጀጋኑና ግቡእ ክንክን ክግበረሎም፣ ግዝኣታት ትግራይ ተመሊሶም ዝተመዛበለ ህዝብና ናብ መረበቱ ንክምለስን ትግራይ ፍትሒ ክንረክብን ካብ እቱ ዝሓለፈ ብዝተዓፃፀፈ ቃልሲ ከም ዘድልየና ብምርዳእ እዩ።

ስለዝኾነ፣ እዘን ማዓልቲታት እዚአን ህዝብና ኽፀንዕ፥ ሓዘኑ ኽወፀሉ ጥራይ ዘይኮነስ ሰማእታትና ዝተሰዉኡሉ ዕላማ ንክዕወት ንክንድብሶም ቃል ንኣትወሉ ማዓልቲ ኽኸውን ይግባእ። “ ትግራይ ሃገር እያ፥ ትግራይ ትዕወት፥ ” እንዳበለ/ት ዝተሰዉአ/ት ሰማእት ትግራይ ዝድበስ ሓርነታ ዘረጋገፀት፥ ብጥበብን ቴክኖሎጂን ፀላእታ እትምክት፥ ፍትሒን ርትዕን ዴሞክራስን ዝተረጋገፀላ፥ ንስደት ዘይብህግ ወለዶ ዝነብረላ ምዕብልቲ ትግራይ ንምፍጣር ደጊምና ቃል እንኣትወሉ ኽከውን ይግባእ።

ንፅናዕ፥ ንትረር፥ ሕልሚ ሰማእታት ትግራይ ነግህድ!
**ATAD America**, October 6/2023